# ዉሳነ ህዝቢ ሳንታ ክላራን ከባቢኣን

መጋቢት 26፡ 2005 ኣብ ሳንታ ክላራ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝተገብረ ህዝባዊ ኣኼባ፡ ክቡር ቆንስል ኤርትራ ናይ ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣቶ ኣሕመድ ኢማን እተረኽበሉ ብዛዕባ ምጣነ ሃብታዊ ምዕባለ፡ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ፡ ምዕባለ ምክልኻል ዶብ፡ ከምኡውን ናይ ሕልና ደገፍ ስድራ ስውኣት ውጽኢት ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ሂቡ።

በዚ ኣጋጣም፡ ተሳተፍቲ ኣኼባ ሳንታ ክላራን ከባቢኣን፡ ብዛዕባ ኩነታት ምሕብሓብ ስድራ ቤት ስውኣትን ታሪኻዊ ሃገራዊ ግቡኦምን ብዝምልከት፡ ነዚ ሕድሪ ደበሶም ኢዩ ካብ ምባል ተላዒሎም ብሓላፍነት ኻክትግበር ሚእቲ ብሚእቲ ብድምጺ ኣሕሊፎም ኣብ ውሳነ ጸዲቑ። እቲ ሓገዝ፡ ከም ቅድሚ ሕጂ እተገልጸ፡ ቅርሺ ንመዓ ልቲ ወይ ድማ $ 360.00 ንዓመት ኮይኑ፡ ናይ ክልተ ዓመት መደብ ከምዝኾነ ኻኹሉ ኤርትራዊ ብሩህ ኢዩ። እቲ ሓገዝ ብሕልና ክሳብ ሕጂ ይቕጽል ኣሎ። እታ ኮሚተ፡ ክሳብ ናይ ክልተ ዓመት መደብ ስርሓ ዝኣክል ከተሓለለት ጎስጓስ ክተካይድ ኢያ። ብድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ስርሓ ጨርሻ ሓላፊነት እተረክበሉ ጉዳይ ምሕብሓብ ስድራ ቤት ስውኣት ብዝምልከት ብሓላፊነት ኣብ ቤት ጽሕፈት ቆንስል ኤርትራ ክቕጽል ኢዩ።

ምእንታን ህዝቢን ሃገርን ንውልቀይ ወይ ንስድራይ ከይበሉ ንዝተሰውኡ የሕዋትና ስድራ ናይ ምሕብሓብ እጃም ምስቲ መስዋእቲን ስንክልናን ኣነጻጺርካ እቲ ዝቐለለ ስራሕ ኢዩ።

ሃገራዊነት ብግብሪ !
ሕድሪ ስውኣትና ኣይንጠልምን ኢና !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !

ኮሚተ ምሕብሓብ ስድራ ቤት ስውኣት
ሳንታ ክላራ ካውንቲን ከባቢኣን